# ዘጸአት 33
18 ንሱ ድማ፡ እምበኣር በጃኻ፡ ክብርኻ ኣርእየኒ፡ በሎ።
19 ንሱ ኸኣ ኵሉ ለውሃተይ ኣብ ቅድሜኻ ኽሕልፍ እየ፡ ስም እግዚኣብሄር ድማ ኣብ ቅድሜኻ
ኽእውጅ እየ። ነቲ ኽምሕሮ ዝደሌኹ ክምሕሮ እየ፡ ነቲ ኽምጕሶ ዝደሌኹ ኽምጕሶ እየ፡ በለ።
20 ሰብ ርእዩኒ ብህይወት ኣይነብርን እዩ እሞ፡ ገጸይ ክትርኢ ኣይትኽእልን ኢኻ፡ ድማ በለ።
21 እግዚኣብሄር ድማ፡ እንሆ፡ ኣብዚ ጥቓይ ቦታ ኣሎ፡ ኣብቲ ኸውሒ ደው ክትብል ኢኻ።
22 ኪኸውን ድማ እዩ፡ ክብረይ ኪሓልፍ ከሎ ኣብ ጭዳድ ከውሒ እገብረካ፡ ኣነ ኽሳዕ ዝሓልፍ ከኣ፡
ብኢደይ ክኽውለካ እየ።
23ኢደይ ድማ ኤልዕል እሞ ብድሕረይ ትርእየኒ፡ ግጸይ ግና ኣይርኤን እዩ፡ በለ።

# ሮሜ 12
9 ፍቕሪ ብዘይግብዝና ትኹን። ንኽፉኣት ፈንፍንዎ ኣብ ሰናይ ልገቡ።
10 ንሓድሕድኩም ብምክብባር እናተቓዳደምኩም፡ ብፍቕሪ ኣሕዋት ንሓድሕድኩም ብለውሃት
ተፋቐሩ።
11 ንምትጋህ ኣይትተሃከዩ፡ ብመንፈስ ተቓጸሉ፡ ንእግዚኣብሄር ኣገልግሉ።
12 ብተስፋ ተሐጐሱ፡ ብጸበባ ተዓገሱ፡ ጸሎት ኣዘውትሩ።
13 ብዜድልዮም ንቕዱሳን ኣማቕሉ፡ ንምቕባል ጋሻ ተቓዳደሙ።
14 ንዚሰጕኹም መርቑ፡ መርቑ እምበር፡ ኣይትርገሙ።
15 ምስቶም ዚሕጐሱ ተሐጐሱ፡ ምስቶም ዚበኽዩ ብኸዩ።
16 ንሓድሕድኩም ሓንቲ ሓሳብ ሕሰቡ። ምስቶም ታሕቶት ትሕት በሉ እምበር፡ ኣብቲ ልዕል ዝበለ
ነገር ሓሳብኩም ኣይተውድቑ። ጠቢባን ኢና ኢልኩም ብርእስኹም ኣይትሕሰቡ።

# ወ. ዮሐንስ 2
1 ኣብታ ሳልሰይቲ መዓልቲ ኸኣ ኣብ ቃና ናይ ገሊላ መርዓ ኾነ፡ ኣደ የሱስውን ኣብኡ ነበረት።
2 የሱስ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ድማ ናብቲ መርዓ ተዓደሙ።
3 ወይኒ ምስ ተወድኤ፡ ኣደ የሱስ፥ ወይኒ እምበር የብሎምን፡ በለቶ።
4 የሱስ ድማ፥ ኣቲ ሰበይቲ፡ ምሳኺኸ እንታይ ኣሎኒ፡ ጊዜይ ገና ኣይበጽሔን፡ በላ።
5 ኣዲኡ ኸኣ ነቶም ተዓጠቕቲ፥ ንሱ ዚብለኩም ኵሉ ግበሩ፡ በለቶም።
6 ኣብኡ ኸም ስርዓት ምጽራይ ኣይሁድ ሹድሽተ ኣጋንእ እምኒ ተተኺሉ ነበረ፡ እቲ ኣጋንእ ከክልተ
ወይ ሰሰለስተ ዝንግሪር ዜግብእ እዩ።
7 የሱስ፥ ነዚ ኣጋንእ ማይ ምልእዎ፡ በሎም። ኣፍ ንኣፍ ከኣ መልእዎ።
8 ሽዑ፥ ሕጂ ቅድሕዎ እሞ ነቦ ዳስ ውሰድሉ፡ በሎም። ንሳቶም ከኣ ወሰዱ።
9 እቲ ኣቦ ዳስ ግና ነቲ ንወይኒ እተለወጠ ማይ ምስ ጠዓሞ፡ ካበይ ምዃኑ ኣይፈለጠን፡- እቶም
ማይ ዝመልኡ ተዓጠቕቲ ግና ይፈልጡ ነበሩ፡- እቲ ኣቦ ዳስ ነቲ መርዓዊ ጸዊዑ፥
10 ኵሉ ሰብ ቅድም ጽቡቕ ወይኒ፡ ምስ ሰኸሩ ኸኣ እቲ ሕምቕ ዝበለ ደኣ የቕርብ። ንስኻ ግና ነቲ
ጽቡቕ ወይኒ ኽሳዕ ሕጂ ኣጽናሕካዮ፡ በሎ።
11 የሱስ ነዚ መጀመርያ ተኣምራቱ እዚ ኣብ ቃና ናይ ገሊላ ገበሮ። ክብረቱ ኸኣ ገለጸ፡ ደቀ
መዛሙርቱውን ብእኡ ኣመኑ።